22140667

International Baccalaureate®
Baccalauréat International
Bachillerato Internacional

**TIGRINYA A: LITERATURE – STANDARD LEVEL – PAPER 1**
**TIGRIGNA A : LITTÉRATURE – NIVEAU MOYEN – ÉPREUVE 1**
**TIGRIÑA A: LITERATURA – NIVEL MEDIO – PRUEBA 1**

Friday 9 May 2014 (morning)
Vendredi 9 mai 2014 (matin)
Viernes 9 de mayo de 2014 (mañana)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

---

INSTRUCTIONS TO CANDIDATES

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a guided literary analysis on one passage only. In your answer you must address both of the guiding questions provided.
- The maximum mark for this examination paper is *[20 marks]*.

INSTRUCTIONS DESTINÉES AUX CANDIDATS

- N'ouvrez pas cette épreuve avant d'y être autorisé(e).
- Rédigez une analyse littéraire dirigée d'un seul des passages. Les deux questions d'orientation fournies doivent être traitées dans votre réponse.
- Le nombre maximum de points pour cette épreuve d'examen est *[20 points]*.

INSTRUCCIONES PARA LOS ALUMNOS

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un análisis literario guiado sobre un solo pasaje. Debe abordar las dos preguntas de orientación en su respuesta.
- La puntuación máxima para esta prueba de examen es *[20 puntos]*.



© International Baccalaureate Organization 2014

https://xtremepape.rs/

*ነቲ **ሓደ** ሌጣ ፅሑፍ ጥራሕ፥ ስነፅሑፋዊ ትንታነ ሃበሉ/ሃብሉ።*

**1.**

ገዛና ኣትየ ንእመሃጽዮን ሓወይ ረኺበ ክሳብ ስምዒተይ ዘውጽእ ዓቕሊ ኣይገበርኩን። “ስለምንታይ ከምኡ ይብላ? እምበርዶ ጥዑይ’ዩ?” ብዝብሉ ሓሳባት ኣእምሮይ ተናዊጹ ነበረ። ገዛና ምስ በጻሕኩ ገጽ እምሃጽዮን ሓወይ ክርኢ ህንጡይነት ኣሕደርኩ። ሓወይ ግና ኣብ ቤት ኣይጸንሓንን። “እምሃጽዮንከ?” ናብ ኣደይ ዘ’ቕረብክዎ ሕቶ’ዩ።

“እንድዒ!” በለትኒ ኣዒንታ ተኺላ። ኣብ ገጸይ ፍሉይ ስምዒት ምስ ኣንበበት ድማ፡ “ናይ ደሓን ደኣ ደሊ’ኻዮ?” በለትኒ ኣዒንታ ካብ ገጸይ ከየርሓቐት። ዘተስፉ ነገር ክትሰምዕ ትጽቢት ዝነበራ’ያ ትመስል። ካብ እምሃጽዮን ሓወይ ግና ተስፋ ዝርከብ ኣይኮነን።

“ናይ ደሓን’የ” ኢለያ ትም በልኩ። እቲ ዘረባ ብእኡ ክዕጾ ድሌት ነበረኒ። ምኽንያቱ ኣደይ እንተፈሊጣቶ ሕማም ክውስኸላ’የ።

“ናይ ደሓንሲ ኣይኮንካን። ኣብ ገጽካ ዘሎ ነድሪ ደሓን ዘይም’ኺንካ ይሕብር እንድዩ ዘሎ። እምሃጽዮን እንታይ’ዩ በዲሉካ?”

“ወላሓንቲ ኣይበደለንን ኣቲ ኣደ!” ከይተረድኣኒ ተቖጣዕኩ። ሓሰ’ኻ ደንበ ኣብ ዝለምለመሉ ከም ዝበሃል’የ ገይረዮ። እምሃጽዮን’ምበር ኣደይ ኣየሕረቐትንን። ኣብ ከምኡ ኣጋጣሚ’ዩ እምሃጽዮን ህሩግ ኢሉ ናብ ቤት ዝኣተወ።

“እንታይ ኢ’ኻ ገይርካዮ እምሃጽዮን?” ኣደይ ዝፈለጠቶ ዘይብላ ብሕቶ ተቐበለቶ። እምሃጽዮን ነገራት ምርዳእ ኣብይዎ ኣዒንቱ ኣብ ልዕለይን ኣብ ልዕሊ ኣደይን ኣንከባለለን።

“ንመን?” ከኣ በለ ገጸይ እናጠመተ። ምስ ሰላም ከዕልል’ዩ ዝብል ሓሳብ ስለ ዘይነበሮ ብዝኾነ ነገር ክጥርጥረኒ ዝኻል ኣይነበረን።

“ሓንሳብ ክዛረበካ ደልየ ነይረ።” ብድድ በልኩ። ኣብ ቅድሚ ኣደይ ክዛረብ ዝኽእል ኣይነበርኩን። መስከነይቲ ካልኣ ከይኣኽላ ነንሕድሕድና ክንጨቓጨቕ ዓቕላ ከነወድኣ ኣይደለኹን። ብቐጥታ ድማ ንደገ ወጻእኩ።

“ቅድሚ ንስ’ኻ ምዝራብካ ኣነዶ ክዛረብ?” በለኒ እምሃጽዮን ቅልጥፍ ኢሉ። “እንታይ ክዛረብ ኮን ይኸውን?” ዝብል ሓሳብ ስለ ዝነበረኒ ኣዒንተይ ኣዕሊበ ተጸበኽዎ። “እታ ንሓዳር ዝመረጽክዋ ጓል ሰብ ሎሚ ምሸት ናብ ገዛ ሒዘያ ክመጽእ’የ።”

“እንታይ ኢልካ?” ፈጺመ ክኣምን ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ ን’ኹልና ተኸኺ’ዩ ኣቢሉና። እታ ክውስን ዘኽኣለቶ ጓል እንታይ ከም ዝገበረትሉ ክፈልጥ ብሓሳበይ የሰላስል ነበርኩ።

እምሃጽዮን ከይመለሰ ክምስ በለኒ። ኣነ ግና ዕትብ ኢለ ዘረባኡ ከነጽረለይ ኣይነበርኩን። “ክትመጽእ’ያ፡ ምስ ረኣ’ኻያ ርእይቶ’ኻ ትህብ።” ኣሕጺሩ መለሰለይ። “ሕጂ ግና ናብ ናትካ ንእቶ።” ብምባል ዝብሎ ክሰምዕ ተጸበየኒ። ኣነ ግና ሽዑስ ዝብሎ ኣይነበረንን። ሓወይ ምስ ዝመረጻ ሂዋን ክምርያ ካብ ወሰነ ናይ ሰላም ጉዳይ ኣልዒለ ክዛረብ ኣይደለ’ኹን። ስለዚ ዝኾነ ዘረባ ከም ዘይብለይ ስ’ቕታ ጥራይ መረጽኩ። ምኽንያቱ ኣብ ጥፉእ ኣይትዛረብ ክፉእ ዝበሃል ምስላ ኣሎ። “እንታይ ደኣ ትም ኢልካ?” እምሃጽዮን ግና ኣይሓደገንን።

“ካልእ ጓል ከላልየካ ሓሳብ ነይሩኒ፡ ግና ባዕል’ኻ ካብ ኣምጻእካ ትርጉም የብሉን።” በልክዎ ምኽኒት ብምርካበይ እናስተንፈስኩ። “ግና እዛ ትብላ ዘለ’ኻ ጓል ከመይ ዝኣመሰለት’ያ?” በልክዎ ሃንደበት ስለዝኾነኒ ዕትብ ኢለ። ሽዑ’ውን ባህርያቱ ስለ ዝፈልጥ ኣይኣመንክዎን። ክንደይ ቆናጁ ኣላሊናዮ ከብቅዕ ኣብታ ባዕሉ ዝመረጻ ጎርዞ ምርዓሙ ብቐሊሉ ዝእመን ኣይነበረን።

“ኣነ ትኾነኒ ኢለ መሪጸያ ኣለ’ኹ። ንስ’ኻትኩም ድማ ምስ ረኣ’ኹማ ፍርድ’ኹም ትህቡ።” በለኒ ኣብ ዝርዝር ከይኣተወ።

“ሕራይ” ኢለዮ ንገዛ ኣተ’ኹ።

“ንተጸባያይ ጸገም’ዩ ብሓቂ፡ ሰለይ ይብል ግዜ ምውዳእ ይኣቢ።” ድያ ዝበለት ደራፊት፡ ንዓይ ድማ ሓወይ ዝመረጻ ጓል ሂዋን ክርኢ ህንጡይነት ስለ ዝነበረኒ ግዜ ምውዳእ’ዩ ኣብዩኒ። ኣብ መጨረሻ ግና እቲ ምቅላዕ መጺኡ። ኣቦይ ኣደይ ዳር.ጋ ኩልና ሓወይ ዝመረጻ ጓል ሂዋን ክንርኢ ጥራይ ዘይኮና ንዓኣ’ውን ገለ ምኽንያት ፈጢሩ ከምተን ካልኦት ከየጸግዓ ከብድና ሓቑፍና ኢና ተጸቢናዮ።

“በሉ መጺኣ ኣላ” ክብለናን ሓንቲ ንሓወይ ኣደኡ ትኣክል ሰበይቲ ቄልዓ ኣኸቲላ ደድሕሪኡ



https://xtremepape.rs/

ክትኣቱን ሓደ ኮነ። ኣቦይን ኣደይን እንታይ ይሓስቡ ነይሮም ኣይፈልጥን፡ ኣነ ግና ተዋስኦ ዝርኢ ዝነበርኩ ኮይኑ'ዩ ተሰሚዑኒ። እቲ ቈልዓኸ እንታይዋይ'ዩ ዝብል ሕቶ'ውን ዘየጨነቐኒ ኣይኮነን።

ኣብቤትካ ንዝመፀ ጋሻ ተመቕሊልካ ምቕባል ባህልና ስለ ዝነበረ ጥራይ ኢና ካብ ስድራይ ጀሚርካ እናተሳእና ሰላምታ ዘቕረብናላ። ኮፍ ክትብል'ውን ብኽብሪ ዓደምናያ። ንገለ ካልኢታት ስቕታ ነጊሱ ትም-ትም ተበሃሃልና። እቲ ክዛረብ ዝግባኦ እምሃጽዮን ሓወይ ከይተረፈ ደሪቑ የቕባሕብሕ ነበረ። "እዋይ ጉዳም!" በልኩ ነገራት ሓወይ ኣገሪሙኒ። "ንበዓል ሰላም ገዲፉ ብሓቂ ድዩ ምስ ኣደኡ ትኣክል ሰበይቲ ሓዳር ክገብር?" ብሕርቃን ክትኮስ ደለኹ። "ዓቕሙ ፈሊጡዶ ይኸውን ከምኡ ዝገብር ዘሎ?" ነብሰ ምትሓት ከም ዘለዎ እፈልጥ ነበርኩ። ማዕረ ክንዳኡ ብመጻኢኡ ይላገጽ ዝብል እምነት ግና ኣይነበረንን። "ምስ እዚኣ ሓዳር ወሲነ ስለ ዘለኹ'የ ከላልየኩምን ክትምርቕኑን ኣምጺኤያ ዘለኹ።" ሓወይ ተጠማሚትካ ስቕ ከም ዘየዋጽእ ተረዲእዎ ነቲ ስቕታ ሰበሮ። "ኣቦይ እንታይ'ዩ ክብል?" ዝብል ፍርሒ ስለ ዝነበረኒ ጸሎት ኣቐዲመ ናብ ኣቦይ ጠመትኩ።

"ሕራይ ግርም!" በለ ኣቦይ ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ። ካብ ክሳድ ንላዕሊ ድዩ ይዛረብ ነይሩ ናይ ልቡ ንጹር ኣይነበረን። "ንሕና ብዘይካ ሓዳር ክትገብር ካልእ ንደልየካ የብልናን።" ቀጸለ ኣቦይ። ተስፋ ቖሪጹ ስለ ዝነበረ ካብ ከይተመርዓወ ስቕ ዝብል ዝኾነት ይመርዖ ዝብል ሓሳብ ዝሰረጸ ይመስል። "በል ስማን ኩነታታን ሓብረና።"

"ነገሰት'ዩ ስማ። እዚ ቈልዓ ወዳ'ዩ። ምናልባት ብምውላዳ ጽቡቕ ኣይስመዓኩምን ይኸውን፡ እቲ ሓቂ ግና ንሱ'ዩ።" ብምባል ንኹልና ጠመተና። ተቓውሞ ዝመጸ መሲልዎ ይኸውን። ኣቦይ ግና ዝበሎ ኣይነበሮን። ነገሰት ርእሳ ኣድኒና እምሃጽዮን ንዝብሎ ዝነበረ ትከታተል ነበረት። ስክፍታ ከም ዝነበራ ካብ ኩነታታ ትፍለጥ። "ኣነ ድማ ኩሉ ኩነታታ ገምጊመ ከም ትኾነኒ ስለ ዝኣመንኩ'የ ምውላዳ ከየገደሰኒ ክምርዓዋ ዝሓስብ ዘለኹ።" ቀጸለ ሓወይ። "እዋይ ጸገም!" በልኩ ብልበይ። እታጓልሰብካብቤትናምስ ወጸት ንሓወይ ዘዝንበሉ ቃላት ካብ ሽዑ ክዳሎ ጀመርኩ። "ኣብ ዝበልክዎ እንታይ ርእይቶ ኣለካ?" በለኒ ናባይ እናጠመተ። ኣብ ገጸይ ናይ ተቓውሞ ስምዒት ከየርኢ ተጠንቂቐ ነበርኩ። ሓወይ ግና ከም ዝቃወሞ ተረዲእዎ ግዲ ኮይኑ ሓተተኒ። ዝብሎ ከም ዘይብለይ ስቕ በልኩ። ኣብ ክንዳይ ኮይኑ ድማ ኣቦይ ከምዚ በለ።

"ክልቴኹም ኢኹም ብሓደ ክትነብሩ። ንስኹም እንተተሳማሚዕኩም ማንም ክቃወመኩም ኣይክእልን'ዩ።" ኣነጸረሎም።

"ኣዝየ'የ ዘመስግነኩም።" ነገሰት ንፈለማ እዋን ኣፉ ከፈተት። "ኣነ'ውን እናተሰከፍኩ'የ መጺአ። ስድራኻ ኣይቅበሉንን'ዮም ብምባል'ውን ደጋጊመ ሓቢረዮ'የ። እንተኾነ ዕድለይ ኮይኑ ከምቲ ዝሓሰብክዎ ኣይጸናሕኩምንን። ብሓቂ ለባማት ወለዲ ኢኹም።" ብምባል ንብዓታ ዝርው ኣበለቶ። ኣይጸንሐትን ድማ ብድድ ኢላ ንኹልና ጨቢጣ ንደገ ወጸት። እምሃጽዮን'ውን ሰዓባ።

"ኣቦይ ካብ ልቢ ዲኻ ተቐቢልካያ?" በይንና ምስ ተረፍና ዘቕረብክሉ ሕቶ'ዩ። ኣብ ቅድሚ እታ ወይዘሮ ዝተሰከፈ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ።

"እወ!" በለ ኣቦይ ርእሱ ብእወታ እናነቕነቐ። "ሓውኻ ከይተመርዓወን ሓዳር ከይገበረን ክበሊ ይኽእል'ዩ። ከምኡ ካብምግባር ድማ እዚ ሕጂ ገይርዎ ዘሎ ይሓይሽ። ስለዚ ኩሉኹም ሕጉሳት ኰንኩም ጥራይ ተቐበልዎ። ኣቢልካ ኣቢልካ ኣምላኽ ዝሃበካ ሰበይቲ ከም ትቕበል ድማ ኣይትረስዑ። ወደሓንኩም።" ዘረባኡ ዛዘመ። ኣብ መወዳእታስ እታ ሓወይ ዝመረጻ ጓል ሂዋን'ያ ምስ ሓወይ ዓሪቓትና።

*መንሱር ናፍዕ፥ ሓወይ ዝመረጻ ጓል ሂዋን* (1993) ዓ.ም

(ሀ) ኣብዚ ፅሑፍ፥ ብዛዕባ ብስድራቤት ዝውሰን ሓዳር ዘሎ ርድኢትን መሰረታዊ ፍልጠትን እንታይ ከምዝመስል ብምሕባር ሓዳር ብሓፈሻ ንተዛረብቲ ትግርኛ ዘለዎ ረብሓ እንታይ ከምዝመስል ዘትይ።

(ለ) እቲ ደራሲ ቴማን ውዲትን ንምምዕባል ዝተጠቐመሎም ስነፅሑፋዊ መይላታት ብሰፊሑ ግለፅ።

**2.**

ልበይን ልብኻን ማዕዶ ማዕዶ
ከመይ ኣቢልና'ሞ ክንቃዶ
እምብዛ ትሕጎስ ብፀገመይ
እቲ ብኽያተይ ይመስለካ ደርፌ
ተሸካዕልል በቲ ድኹም ጎነይ።
ንምስጋናይ ትወስዶ ከም ፀርፊ
ትፅሊ ትምህለል ንስዕረተይ
እቲ ዓወተይ ይኾነካ ፀድፊ።
እንተ ኣነ ፅቡቕካ እደሊ
ንስኻ ግን ብነገር ትበሊ።
ናዓ ሓወይ ይኣክል ምንኻስ
ንሕሰብ ንመፃኢ ወለዶና
ነገር ተኣሊሙ ነይልበስ
እንተርፌ ከዕርቕ ንዝባና።
ህልኽ ተጋዒቱ ነይኹለስ
እንተርፌ ከጥሚ ንኸርስና
ፅልኢ ተዘሪኡ ንይሕፈስ
እንተርፌ ክንከውን መፍቶ ጓና።
ስኒት ድኣ ፍፁም ዘይፈርስ
መተለሚ መፃኢ ህይወትና፥
ትብዓት ድኣ ፍፁም ዘይግሃስ
ካብ ውሉድ ወለዶ ዝፀንሓና፥
ፍቕሪ ድኣ ፍፁም ዘይሃስስ
ፀራጊ መንገዲ መሪሕ ፋና፥
መስዩ ከይፀልመተ ንኽንግስግስ
ፋጣሪ ሂቡና ልቦና።

ኣማኑኤል በላይ፥ ስኒት (ዘይተማዓልተወ)

(ሀ) እቲ ደራሲ ከሕልፎም ዝደለየ ምልእኽትታት ኣብነት እናሃብካ ዘርዝር።

(ለ) ኣብዚ ግጥሚ ዘለዉ ስእላዊ መግለፅታት ብምርኣይ እቲ ገጣሚ ንምንታይ ከምዝተጠቐመሎም ኣብነት ብምሃብ ርእይቶኻ ሃብ።



https://xtremepape.rs/